# ለካቲት ወላዲት ኣምበሳ

ኣዋርሕ ክቀኣጸር ዓመት ክሳብ ዓመት
ወላዲት ኣናብስ ዕለት ናይ ለካቲት
ወያናይ ወሊዳ ኣብ መሬት ደደቢት።

ኣምበሳ በረኻ እምበር ተጋዳላይ
ኢሉ ደሪፉልካ ኣበበ ወያናይ።

መስመርካ ሐንጺጽካ ዘቲኻ ብምኽሪ
ሕድሪ ተቀቢልካ ዝነብር ብኽብሪ
ቃልሲ ኣሚንካሉ ብኽቡር መስዋእቲ
ዓወት! ዕላማኻ ለይቲ ምስ መዓልቲ
ደምዲምካ ውራይካ ታሪኻዊ ሀፍቲ።

ቃልሲ ትግራይ ኾይኑ ኣብነት ንዓለም
ወዲብካ ብዕጥቂ ህዝቢ ንኽዕለም
ወፊርካ መኪትካ ብዘይ ወለም ዘለም
ኣምበሳ በረኻ ወያናይ ዘልኣለም።

በረኻ ገዛኻ ኣብ መሬት ደቂስካ
ጉዝጓዝካውን ሐመድ እምኒ ተተርኢስካ
ብጥምየት ብጽምኢ ብዙሕ ተጓዒዝካ
መዓንጣካ ስጡም ሐቦ ዝስንቅኻ
ኣተራማሚስካዮም ኩሎም ጸላእትኻ
ጉንበት ኣበሲርካ ኣምበሳ በረኻ።

ተቋዲስና ኢና ፍረ መስዋእትኻ
ርኢና ሰሚዕና ትልሚ ዕላማኻ
ድኽነት ንምጥፋእ ዝብል ጭርሖኻ
ብተግባር ተርእዮ ቅዱስ ዕላማኻ

ጽርግያ ተሰርሐ ክንከድ ከምልብና
ነፈርቲ በሪረን ክንከድ ከም ድልየትና
ዓጽቢ ተሰሪሑ ጽሩይ ማይ ክንሰቲ
መስኖ ተሰሪሑ ክንከውን ሰብ ሃብቲ
ኤሌክትሪክ ኣትዩልና ረኺብና መብራህቲ
ፋብሪካ ተሰርሐ ብናይ ዓዲ ሃፍቲ።

ኮሌጅ ተኸፊቱ መምሀሪ ደቅና
ሆስፒታላት እዉን ክሕሎ ጥዕና
ህዝቢ ደስ ኢልዎም ክይዲ መዕባለና።

ቀፀለ ወፈረ ክቡር መራሒና
ኣባይ ክግድቦ ክትግስግስ ሃገርና
ተፋሪቁ ድሮ ህንፀት ህዳሴና
ተጋዳላይ መለስ ክብረት ይሃበልና።

ሽዊት ተጋዳላይ ሓበን ናይ ኩልና
መስዋእትኻ ፈርዩ ዋጋ ኸፈልካልና
የካቲት የካቲት ወላዲት ገድልና
ነኽብር ዕለትኪ ታሪኻዊት ኢልና።

ደቀይ ተኸተሉ ሰምዑ ኣያታትኩም
የካቲት ናትኩም እያ ታሪክ ተቀቢልኩም
ሓልዉዎ ደኣ ሕድሪ ሰውኣትኩም።

ኣለዉ ፀላእቲ ዘየደቅሱና
ታሪኽ ዝምንጥሉ ኮይኖም ኣብ ጎንና
አስተብህሉ ደኣ ኩሉ ፍለጥዎ
ናይ ወያናይ ታሪኽ ኣጥቢቅኩም ሓዝዎ።

ሐረገወይኒ በርሀ
ፖርትላንድ: ኦረጎን፦ ፈብርዋሪ 18/ 2107

ታሪኽ፤- “ ካብ ዝፀሓፎ ዘፀንሖ በሊሕ እዩ
ካብ ዘንበቦ ዘስተዋዓሎ ጠቢብ እዩ
ካብ ኩሉ ዝለዓለ ግን **ዝሰረሖ** እዩ”